ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዞባ ኤውሮጳ
ኣሰናዳኢት ሽማግለ መበል 25 ሰፊሕ በዓል ኤርትራ
ካሰል 2010

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية - إقليم أوروبا
اللجنة التحضيرية لمهرجان إرتريا الخامس والعشرون
كاسل 2010

**Eritrean national salvation front - Europe Zone**
**Preparatory Committee of the 25th Eritrean Festival**
**Kassel 2010**

---

ዝኽበርኩም ኣባላት መሪሕነት ውድብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ዝኽበርኩም ኣባላት ውድብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ዝኽበርኩም ኣባላት ተቓወምቲ ውድባት
ዝኽበርኩም ኣባላት ሲቪካዊ ማሕበራት
ክቡር ኢምባሲ (ቆንስል) ፈደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ
ክቡራት ተወከልቲ ማሕበር ልምዓት ትግራይ
ክቡራት ተወከልቲ ማዕከናት ዜና
ክቡራት ተሳተፍቲ ፈስቲቫል ኣጋይሽና ብሓፈሻ:

መጀመርያ ኩሉኹም ካብ ርሑቕን ቀረባን ጊዜኹም ወፊኹም ኣብዚ ናይ መበል 25 ኢዮበልዩ ፈስቲቫል ተሳቲፍኩም ዘለኹም ብስም ኣሰናዳኢት ሽማግለን ብስም ኣባላት ውድብን እንቛዕ ብደሓን መጻእኩም እናበልኩ ልባዊ ሰላምታይ ከቕርብ ፍቐዱለይ። ኣስዒበ ነቶም ብምኽንያት ሕማም ይኹን ካልእ ጸገማት ምሳና ክሳተፉ እናበሃጉ: ብኣካል ዘይተረኽቡ ካብ'ዚ ፈስቲቫል'ዚ ሰላምታና የመሓላልፈልኩም።
ብኣጋጣሚ ኣብ'ዛ ዓመት-ዓመት ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሓምለ እንነብዕላ ፈስቲቫል ሓቢሩ ዝጋባእ ንዘሎ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ብስም ኣሰናዳኢት ሽማግለን ኣባላት ውድብን ስምኩምን ካብዚ ፈስቲቫል እዚ ዓወት ሓፊሱ ንክወጽእ ዘሎና ትምኒት እገልጽ።

እዚ ፈስቲቫል'ዚ እንሆ ሎሚ መበል 25 ናይ ኢየበልዩ ዓመቱ የብዕል ኣሎ። ልደት ናይ'ዚ እንገብሮ ዘሎና ፈስቲቫል ኣብ ከተማ ድራይኣይሽ ከባቢ ፍራንክፎርት ብ1986 ኢዩ ተጀሚሩ። ንኣርባዕተ ዓመታት ኣብ'ቲ ከባቢ ድሕሪ ምጽናሕ ከኣ እንሆ ካብ 1990 ክሳብ ሎሚ ኣብ ከተማ ካሰል ይውዕል ኣሎ።

ካብ መወዳእታ ሰማንያታት ክሳብ ልደት ፈስቲቫል ኤርትራ ኩነታት ደንበ ተቓውሞ ኣብ ዲያስፖራ ናይ ሕድሕዳዊ ምጽልላምን ምትፍናንን፡ ቅርሕንትን ጽልእን ዝሰፈኖ ኢዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ምስ ምጅማርን ዕድመን ፈስቲቫል ኤርትራ ግን ብዘይካ ምስትንጋድን ምምዋልን ገዲፍካ ናይ ብምሉኡ ደንበ ተቓውሞ ዓውደ-መራኽቢ ብምዃን ናይ ምቅርራብን ምርድዳእን ዘይነዓቕ ግደ ተጻዊቱ ኢዩ። ካብ'ዚ ሓሊፉ እውን ነቲ ብሰንኪ ስደት ኣብ ፈቐዶ ኩርናዓት ዓለም ፋሕ ዝበለ ኤርትራዊ ዜጋ ናይ መራኽቢ ማእከል ብምዃን ገጽ-ገጽ ተራኺቡ ሃለዋትን መነባብሮን ዝተሓታተሉን፡ ዝምድናታት ዝገብረሉን ዘሓድሰሉን ዓውደ-መራኽቢ ቦታ እውን እዩ።

ኤርትራ ቅድሚ ሓራ ምውጻኣ ነቲ ድሒሩ ሓቂ ዝኾነ ስርዓት-ሕጊ ኣልቦ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ተሰኪሙዎ ዝነበረ ደመና ጥዕና ከምዘይነበሮ ኣንጊሁ ዘጠንቀቐን ዝሓበረን ፈስቲቫል ኢዩ። ዝተፈላለዩ ወጻእተኛታት፡ ናይ ፖለቲካ ሞያውያን፡ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ-መሰላት ብፍላይ ከኣ ናይ ምምሕዳር ከተማ ካስል ኩለን ፓርትታት ብምዕዳም: ናይ'ቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ሓቀኛ ስእሊ ክሕዙ፡ በዚ ኣቢሉ ከኣ ኣብ ኩነታት ዑቕባ ኤርትራውያን ኣወንታዊ ጽልዋታት ንክገብሩ ውን ኣወንታዊ ግደ ተጻዊቱ ኢዩ ክበሃል ይከኣል። ደወል ፈስቲቫል ኤርትራ ካስል ክሳብ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ብምብጻሕ ንስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ሓዳሪ ሕማም ርእሲ ገይሩሉ ኢዩ። ነዚ ከረጋግጾ ዝኽእል ከኣ ነቲ ኣብ በኹሪ ልደት ፈስቲቫል ኣብ ድራይኣይሽ ንምቑጻይ፡ ብናይ ተሌፎናት ታህዲዳት ንምምሕዳር'ቲ ከተማ ዘርኣይዎ ይኹን ጸኒሖም ሰዓብቶም ብምስዳድ ኣብ ኣፍ-ደገ ፈስቲቫል ዝገብርዎ ዝነበሩ ዕግርግራት ክጥቀስ ይከኣል።

ኣበየ ዓመቱ ምሁራትን ኪኢላታትን ኤርትራውያን ብምዕዳም ጠቐምቲ ኣስተምህሮታት ኣብ ምሃብ ዓቢ ግደ ተጻዊቱ ኢዩ። ካብቶ'ም ምሁራትን ኪኢላታትን ኤርትራውያን ዓመት-ዓመት ከይተሓለለ ዝተፈላለዩ ዓበይትን ኣገደስትን ፖለቲካዊ ኣስተምህሮታት ካብ ክህቡ ዝጸንሑ ሓደ ፕሮፌሰር ዶክቶር መድሃኔ ተስፋጼን ከይጠቐስናዮ ክንሓልፍ ኣይንደልን። ፕሮፌሰር ዶክቶር መድሃኔ ተስፋጽዮን ምስ ፖለቲካዊ ኩነታትና ዝሳነዩ ጠቐምቲ ኣስተምህሮታት ከም ቅዋምን ቅዋምነትን፤ መንግስትን ስርዓትን፤ ጀሃድነትን እስላማዊ ምንቅስቓስን፤ ሃገራዊ ዋዕላ ወ.ዘ.ተ. ዝኣመሰሉ ዛዕባታት ብምልዓል ዝህቦ ዝጸንሐ ትምህርቲ፡ ተሳተፍቲ ፌስቲቫል ዝምስክርዎ ሓቂ ኢዩ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ኣቢልና ከኣ ንዝገበረልካ ግበረሉ ወይ ንገረሉ ኢዩ እሞ ሎሚ'ውን ኣብ መንጎና ተረኺቡ ስለዘሎ ብስም ኣሰናዳኢት ሽማግለ ጥራይ ዘይኮነስ ብስም'ቲ ኩሉ ተሳታፋይ ፌስቲቫል ልዑል ምስጋናና ነቕርብ።
ፌስቲቫል ካስል ነዚ ሎሚ መዓልቲ ዝጋባእ ዘሎ ሃገራዊ ዋዕላ ኣብ 2003 ዳርጋ ኩለን ተቓወምቲ ውድባትን ስቪካውያን ማሕበራትን ዝተሳተፍኦ ዝለዓለ ቦታ ብምሃብ ንምትግባሩ ሓባራዊ ስምምዕ በጺሑ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ካብ ማእከሉ'ውን ሽማግለ ብምምዛዝ ንመጽናዕታዊ ስራሕ ኣዋፊሩ ኢዩ። እዛ ሽማግለ እዚኣ'ውን ብግዲኣ ብኣቦ-መንበርነት ፕሮፌሰር ዶክተር ተስፋጽዮን ተማእኪላ፡ ታሪኻዊ መጽናዕቲ ብምግባር ሃገራዊ ዋዕላ ተግባራዊ ንምግባር ዘኽእሉ ብዓልቤታውን ናይ ካልኦት ሃገራት ተምክሮታትን ዝሓዘ ብመልክዕ መጽሓፍ ከምኡ'ውን ብመንገዲ ኢንተርነት ንህዝቢ ከምዝዝርጋሕ ብምግባር ታሪኻዊ ተልእኾኣ ፈጺማ እያ።

ነቲ ኣቐዲሙ ብሃገራዊ ምሕዝነት ቀጺሉ ከኣ ብኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝፍለጥ ጽላል ደንበ ተቓውሞ ንምሕያሉ ካብ'ዚ ፌስቲቫላት'ዚ ብዙሕ ኣገዳሲ ለበዋታትን ርእይቶታትን ተመሓላሊፉ ኢዩ። በዚ ጥራይ ከይተሓጽረ እውን ድሕሪ ፌስቲቫል 2004 ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንምሕያልን ኣብ ባይታ ሓባራዊ ስራሕ ኣብነት ንምኽኣንን ተባሂሉ፡ ኣብ 2005፡ ፌስቲቫል ኤርትራ ጠቐሊሉ ብደረጃ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንኽግበር ኣብ'ዚ ኣደራሽ'ዚ ብዕሊ መፍትሑ ድሕሪ ምርካብ ብደረጃ ኪዳን ብሓባር ተገይሩ ኢዩ። እንተኾነ ግዳ እቲ ቀጺሉ ዝተረኽበ ምዕብልናታት ኣብ ውሽጢ ኪዳን ንቀጻልነቱ ዘውሓሰ ስለዘይነበረ ሓላፍነት ፌስቲቫል ናባና መለስዎ።
እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ፌስቲቫል ንምድላዉ ብሓቂ ቀሊል ኣይኮነን፡ ንዓይኒ ማዕዶ ቁጠባዊ መኽሰባት እንተዘይህሉ ኣይምገበርዎን ክበሃል ይከኣል ይኸውን ኢዩ። እንተኾነ ግዳ እቶም ምሳና ሓቢሮም ኣብ 2005 ብደረጃ ኪዳን ዘዳለዉ መሓዙት ውድባት ክሳብ ክንደይ ጉልበታውን ቁጠባውን ክሳራታት ከምዘለዎ ዝምስክሩዎ ኢዩ። እዚ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኣደራሽ ብዙሕ ወጻኢ ስለዝሓትት፡ ካብ ኣባላትካ ገንዘብ ኣዋጺእካ፡ ገለ እዋናት ክሳራ ተሰኪምካ እትኸደሉ እኳ እንተኾነ፡ እቲ ልዒሉ ዝተጥቕሰ ፖለቲካዊ መኽሰባት ጥራይ ብምጥማት ከይተሓለሉ ክዉን ዝገበሩ ኣባላት ውድብ ብስም ኣሰናዳኢት ሽማግለ ምስጋና ይብጽሓዮም።

ኣብ መወዳእታ ሎሚ ምስ'ዚ ናይ 25. ዓመት ፌስቲቫል ኤርትራ ሓቢሩ ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ዝጋባእ ዘሎ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ከም'ቲ ልዒሉ ዝተጠቕሰ ቀንዲ ዕላማን ባህግን ናይ ኣዳለውቲ ጥራይ ዘይኮነስ እንኮሎ እቲ ዓመት-ዓመት ተኻፋሊ ናይ'ዚ ፌስቲቫል'ዚን ብሓፈሻ ከኣ ባህጊ ህዝብናን ስለዝኾነ ናይ ሓባር ስራሓት መንገዲ ከፊቱን ምሉእ ዓወት ጨቢጡን ንኽወጽእ ዘሎና ትምኒት ንገልጽ። ዋላኳ ጉዳይ ኩላትና እንተኾነ ብተገዳስነትን ሓልዮትን ዓመት ዓመት ከይተሓለልኩም ዕዉት ፌስቲቫል ንኽኸውን ዝገበርኩም ተሳተፍቲ ደጊምና ልባዊ ምስጋናና ነቕርብ።

ዓወት ነቲ ተጀሚሩ ዘሎ ሃገራዊ ዋዕላ
ሰላምን ቅሳነትን ንህዝብና

ጽን ኢልኩም ስለ ዝሰማዕኩምኒ የቐንየለይ::
ኣሰናዳኢት ሽማግለ መበል 25 ኢዮበልዩም ፌስቲቫል ኤርትራ 2010 ካሰል